# ሰንበት ዘገብር ኄር

## ሚያዝያ 6 2016 ዓ.ም (4/14/2024)

## ንኢየሱስ ክንርኢ ንደሊ አሎና።

**መዝሙር፡** መኑ ውእቱ ግብር ኄር ወምእመን ዘይረክቦ እግዚኡ በምግባረ ሠናይ....መን እዩ እቲ ሕያዋይን እሙንን አገልጋሊ ንጎይትኡ ጽቡቅ ክገብር ዝጸንሖ እሞ ጎይትኡ አብ ልዕሊ ኵሉ ገንዘቡ ዝሸሞ እንደገና ከአ ሕያዋይን እሙንን አገልጋሊ ብሒደት ተአሚናካ ኢኻ እሞ አብ ብዙኅ ክሸመካ እየ፥ ናብ ታሕጓስ ጎይታኻ እቶ።

**ንባባት፡** ጢሞ 2፡6-16፥ 1ጴጥ 5፡1-12፥ ግ.ሓ.16፡1-19፥ ዮሓ 12፡20-33

**ስብከት፡** ከመ እንግር ፈቃደከ መከርኩ አምላኪየ፥ ወሕግከኒ በማከለ ከርስየ ዜኖኩ ጽድቀከ በማሕበር ዐቢይ። አምላኸይ ፍቓድካ ንምግባር ባህጊ አሎኒ፥ሕግኻ እውን አብ ውሽጢ ልበይ እዩ፥ ጽድቅኻ አብ ጉባኤ አብሰርኩ መዝ. 40፡8።

ሰንበት ዘግብር ኄር አብ ቅድሚ አምላኽ እሙናት ኮና ነቲ ዝተዋህበና ጸጋ ክነፍርየሉ ከምኡ በቲ ዝተዋህበና ጸጋ ንአምላኽን ሰብን ክነገልግል ከም ዘሎና ዘዘኻኽር እዩ። መጠን አብ ሶሙን ሕማማት ዝቐረብናሉ መጠኑ ምቅርራብና ብዝያዳ ክነስተውዕለሉ ነቲ አምላኽ ዘርአየና ፍቕርን ምሕረትን ርኢና ክንክእል። ዓቢ ውራይ ይአትወና አሎ ሕይወትና ከመሎ? ንመገዲ ጽድቂ ተተሓሒዝናዮ ዘሎና? ጾምና ከመሎ? ብዝተዋህበና ጸጋ ከም ዝድለ ነፍሪ ዘሎና? ምስ ሓውናን ሓፍትናን ዘሎና ርክብ ከመሎ እናበልና እዝን ካልእን ክንሓትት ይግብአና። ጾምና አብ ምውዳእ ገጹ ስለ ዝኸይድ ዘሎ ምስጢረ ትንሣኤ ከነብዕል ንቀራረብ አሎና። ብኻልእ አዘራርባ ካብ ዞና ስቓይ ናብ ዞና ክብርን ሰላምን ንአቱ አሎና።

እሙናት አገልገልቲ አምላኽ ዘብለና ነቲ አምላኽ ዝሃበና ጸጋን በረኸትን ርኢና ምስ እንኽእልን ከምኡ ንኸማና ዝበሉ አብቲ ንሕና እንርእዮ ርእዮም ከምዝኽእሉ ክንገብር ግዴታትና ከምዝኾነ ክንፈልጥ እንከሎና እዩ። ወንጌል ዮሓንስ ክንገብሮን ክንፈልጦን ዘሎና እንታይ ከምዝኾነ ክገልጽ እንከሎ ገለ ግሪኻውያን ምናልባት አብ አይሁዳዊ እምነት ዝለወጡ አብ ፍሊጶስ (ግሪኻዊ ስም ዘልኦ) ቀሪቦም ንኢየሱስ ክንርእዮ ንደሊ አሎና ኢሎም ከም ዝሓተቱ ይነግረና። ፊልጶስ ንእንድርያስ (ግሪኻዊ ስም ዘልኦ) ነገሮ ክልቲኦም ከይዶም ንኢየሱስ ነገርዎ። አብዚ እዞም ግሪኻውያን ንኢየሱስ ርእዮሞዶ አይረአይዎን ዮሓንስ ወንጌላዊ አይነግረናን እዩ፥ ሓደ ዘገርም መልሲ ክውሃብ ኢና እንርኢ።

ሰባት አብ ኢየሱስ ክቐርቡ ክመጽኡ እንሕግዝ ንሕና ኢና። እሙን አገልጋሊ ክርስቶስ ዝብሃል ንኻልኦት አብ አምላኽ ዘቕርብ ምናልባት መገዲ ተደናጊሮም ወይ እውን ሰይጣን ልቦም ሰሊብዎም ንሓቂ ንሰላም ልዕሊ ኹሉ ንፍቕሪ አምላኽን ብጻይን ክርእዩ ንዘይ ከአሉ አብ ኢየሱስ ዘቕርብ እዩ። እሞ ሎሚ ንሰባት ንመን ከም ዝርእዩ እገብር አሎኹ ኢልና ምስ ነፍስና ክንተሓታተት እዋኑ እዩ። በቲ አምላኽ ዝሃበና ጸጋ ስአን ምርአይና ንሰባት ካብ አምላኽ ነርሕቕ ከይንህሉ ክንስከፍ ይግብአና። ቅ. ጳውሎስ ንሕና ናይ ክርስቶስ አምባሳደራት ኢና፥ አምላኽ ከአ ብአና ገሩ ይዕድም አሎ፥ አብ ክንዲ ክርስቶስ ኳና ድማ ምስ አምላኽ ተዓረቑ እናበልና ንልምነኩም አሎና ይብለና (2ቆሮ 5፡20) እዚ ኸአ አብ ኩሉ እንገብሮ ንክርስቶስ ወኪልና ስለ እንገብርን ሰባት አብ አምላኽ ከምዝቐርቡን ንድላዩ ከም ዝርእዩ ስለ እንገብር ኢና።

ፊሊጶስን እንድርያስን ንኢየሱስ ግሪኻውያን ክርእይዎ ከም ዝደልዩ ምስ ነገርዎ ዝሃቦም መልሲ ዘይተጻበይዎ ይመስል እዚ ኸአ ዮሓንስ ወንጌላዊ ንፍሉይ ርድኢት ክህልወና ኢሉ ዘቕረቦ እዩ። ፍረ ስርናይ አብ ምድሪ ወዲቓ እንተ ዘይሞተት በይና እያ እትነብር፥ እንተ ሞተት ግና ብዙኅ ፍረ ኸም

እትፈሪ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ (ጐ 24)። ብርግጽ ፍረ ስርናይ ኣይትመውትን እያ ጨሪሻ ኣብ ካልእ ሓዲስ ነገር እያ እትቕየር፥ ማለት ሱር ቆጽሊ ፍረ ተግብር። ኣባጨጎራ ቅድሚ ኣባጨጎራ ምዃኑ ብዝተፈላለየ ደረጃ ይሓልፍ ኣብ መጨረሻ ጽቡቕ ሕብሪ ወሲዱ ይርአ። ኣብ ሕይወትና ተሓድሶን ለውጥን ክመጽእ ክንሓልፎ ዝግባእና ጉዕዞ ሕይወት ኣሎ።

ንኢየሱስ ምርኣይ፡

ንኢየሱስ ምርኣይ ክብሃል እንከሎ ከም ማንም ምርኣይ ኣብኡ ምጥማት ማለት ጥራሕ ኣይኮነን ዘስምዕ እዚ ይኸውን ምናልባት እቶም ግሪኻውያን ዝሓተትዎ። (እዚ ምስቲ ናይ ዘኬዎስ ኣብ ኦም ሳግላ ደይቡ ንኢየሱስ ክርኢ ኢሉ ዝገበሮ ዝመሳሰል እዩ (ሉቃ 19፡110))። ንኢየሱስ ምርኣይ ማለት ምሉእ ብምሉእ ኣብ ኣተሓሳስባ ኢየሱስ ምእታው፥ ስለምንታይ ክሓምም ክመውትን ክትንሥእን ከምዘለዎ ምርዳእ እዩ። ከምታ ፍረ ስርናይ ኢየሱስ ንኹሉ ኃዲጉ ክኸይድ ኣለዎ እዚ ኸአ ወላ ሕይወቱ እዩ፥ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከአ ሕይወት ንርእሱን ንኻልኦትን መታን ክህብ እዩ። ኣብቲ መስርሕ ንሱን ንሕናን ንልወጥ/ንቕየር። ነዚ ከም ቀንዲ መሰረታዊ ምንጪ ሕይወት ኢየሱስ ገርና ክንርእዮ እንተ ዘይከኣልና ንኢየሱስ ክንርእዮ ኣይከኣልናን ኢሎና ማለት እዩ። ኢየሱስ ደጋጊሙ ዝብለና ሓደ ዓይነት ኣተሓሳስባ ክህልወና ይግባእ። እቲ ንሕይወቱ ዝፈትዋ ከጥፍኣ እዩ፤ እቲ ንሕይወቱ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዝጸልኣ ግና ንዘለዓለም ሕይወት ኪሕልዋ እዩ። ምስ ኢየሱስ ኣብ ጥቕኡ ምስኡ ክንከይድ እንተ ደሊና ብመገዱ ክንጉዓዝ ኣሎና። እቲ ዘገልግለኒ ዘበለ ይስዓበኒ፥ ኣብቲ ኣነ ዘለኹዎ እቲ ዜገልግለኒ ኸአ ኣብኡ ኪህሉ እዩ፥ ነቲ ዜገልግለኒ ዘበለ ኸአ ኣቦይ ኪኸብሮ እዩ። እዚ ማለት ከአ ምስ ኢየሱስን ማርያም ነፍስወከፍና ዘስምዕ ኮይኑ ክሳብ ቀራንዮ ምስኦም ሓቢርካ ምጉዓዝ እዩ።

ኣብ ርድኢትን ኣተሓሳስባን ኢየሱስ ክትእቱ ክንሓልፎ ዝግባእና ነገራት ኣሎ፡

1. ምሉእ ብምሉእ ናይ ክርስቶስ ምዃን። ንኢየሱስ ፍርቂ ፍርቂ ክንስዕቦ ኣይግባእን። ግብርናን እምነትና ሓደ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ኣምላኽ ክልተ ልቢ ኮንካ ምጉዓዝ ኣይፍቀድን እዩ። ንገንዘብን ኣምላኽን ክትግዝኡ ኣይክኣልን እዩ ይብለና (ማቴ 6፡24)።

2. ዕለት ዕለት ንፈተና ምስዓር የድሊ። ኣብ ሕይወትና ዘደናግር ከይንርኢ ዝጋርድ ፈተና ኩሉ ጊዜ ኣሎ። ዓይንና ንብርሃን ኣምላኽ ከይርኢ ካብቶም ዝጋርዱና ነገራት ክንርሕቕን ክንከላኸልን ኣሎና። ንሓቀኛ ምስሊ ኢየሱ ብናቶም ኣተሓሳስባን ድለትን ሸፊኖም ንዘቕርቡልና ክንጥንቀቐሎም ኣሎና።

3. ናይ ሓሶት ምስልታት ኣለሊኻ ምኽኣል። ብግዳማዊ ነገራት ጽቡቓትን ዝስሕቡን ኮይኖም ካብ ዝርኣዩ ብውሽጦም ግን ክፍኣትን ዘታልሉን ነገራት ምጥንቃቕ። ተንኮል ሰይጣን ዝተራቐቐ ምዃኑ ክንዝንግዕ የብልናን፥ በቲ ብቐሊል ክስሕበናን ከደናግረናን ዝኽእል ነገራት እዩ ዝቐርበና ሽዑ ብቐሊል ንታለል ስለዚ ኣስተውዒልካ ምኽኣል።

4. ትሕትና ምግባር። ኣምላኽ ንትሑታት የፍቅር ንዕቡያት ግን ኣይቀርቦምን። ትሑት ሕይወት ኣብ ሓቅን ፍቕርን ዝተመስረተ ክህልወና ይግባእ። ዳንከራ ዝወቅዕ መጨረሽትኡ ውድቀትን ፍሽለትን እዩ ስለዚ ንኢየሱስ ክንርኢ ትሕትና ለቢስና ክንክእል ኣሎና።

ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ሎሚ ብዙኃት ካባና እዚ ኢየሱስ ዝሕብረና መገዲ ሕይወት ክንክተል ይኸብደና ወይ እውን ኣይንደልን፥ እኳድኣ ካብ መገዱ ወጻኢ እናኸድና ጽቡቕ ከምዘሎና ኮና ንኸይድ። ኢየሱስ ግን ክንርእዮን ክንከዶን ዘሎና ሕይወት ከረድኣና ኢሉ ፍረ ስርናይ ኣብ ምድሪ ወዲቓ እንተ ዘይሞተት በይና ኢያ እትነብር፥ እንተ ሞተት ግና ብዙኅ ፍረ እያ እትፈሪ ይብለና።

ሓደ ሰብ ነቲ ካብ ኣምላኽን ሰብን ዘርሕቖ ምኽንያት ርእስን ኣብቲ ዘልኦ ሕይወት ድሓን ከም ዘሎ ገሩ ዘንብሮ እንተ ቐበሮ ወይ ለወጦ ኣብ ሓጎስን ክግለጽ ኣብዘይክእል ምሉእ ሰላም ከም ዝኣቱ ንባባትና ይነግሩና። ኢየሱስ ነዚ ከረድኣና ኢሉ ብኣምሳል ገሩ ብዛዕባ ዝሞተት ፍረ ስርናይን ምሉእ ብምሉእ ኣብ

ትሕቲ ኢየሱስ ክትነብር ፍቓደኛ ናይ ምዃን ይዛረበና። ነዚ ንሓዋርያቱ ኽገልጸሎም እንከሎ ብሕማማቱን ሞቱን ሓዲስ ሕይወትን ነዚ እንነብሮ ኃጢአት ዝመልአ ዓለም ነጻነትን ከም ዘምጽእ ነጊርዎም። ልክዕ ብኽምኡ መገዲ እዩ በቶም ርእሶም ዝስውኡ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ አንስትዮን ሕይወትን ድሕነትና አብ ደቂ ሰባት ዝመጽእ። ብኻልእ አዘራርባ ካብቲ ንአይ ይጥዓመኒ ጥራሕ ዝብል ወይ ዓፊኑ ጎልቢቡ ዝሕዘና ሕይወት ወጺእና ክንክእል ከሎና አብ ሓዲስ ሕይወት አብ ኢየሱስ ክርስቶስ ንትንሥእ።

አብዚ እንነብሮ ዓለም ዓበይቲ ነገራት ዘደንቑ መንፈሳውን ግዙፋውን ነገራት ንርኢ። እዚኦም ኩሎም ብዙሓት ሕይወቶም ምእንቲ ፍትሕን ሓቅን ሰላምን ኢሎም ነፍሶም ከይበቖቑ ክሳብ ሞት ስለ ዝበጽሑ እዮም እንርእዮም ዘሎና። አብ ታሪኽ ከም እንርእዮን ዝተመሃርናዮን ሕይወት ምስተ ኽፍለ እዩ እዚ እንርእዮን ሒዝናዮ ዘሎና ዘሎ። ሓደ ንገዛእ ርእሱ ጥራሕ ዝፈቱ ሰብ ገለ እንተ ገበረ አብ ክልተ ዓላማ መሰረት ገሩ እዩ ዝገብሮ፥ አብ ስሳዐ ወይ ንአይ ጥራሕ ይጥዓመኒ ምልኡ አብ ሃረርታ ውሕስነት ሕይወቱ ቀዳምነት ብምሃብ ይገብሮ። ሰባት ካብ ከምዚ ዝበለ ክወጽኡ እንከለዉ ጥራሕ እዮም ትርጉም ዘልኦ አብ ሕይወቶም ክገብሩ ዝኽእሉ። እዚ እዩ አብ ታሪኽ ሕይወት ናይ ብዙሓት ቅዱሳን ከምኡ ሰማዕታት እንርእዮ። ንርእስኻ ኢምንት ቆጺርካ ምእንቲ ፍትሕን ሓቅን ኢልካ ሕይወትካ በጃ ምሕላፍ፥ ሽው በቲ ዝገበርዎ ሰባት ንዓለም ብኻልእ መልክዕ ክርእይዋ ይጅምሩ እሞ ካብ ገግኦም ይምለሱ። ደም ሰማዕታት ማይ ሕይወት ንሓቅን ፍትሕን እዩ።

አብ ታሪኽ ሃገራት ብዙሓት ጀጋኑ ምእንቲ ድሕነትን ሰላምን ነጻነትን መሰልን በጃ ዝሓለፉ ንርኢ። ነታ ሓንቲ ዘላቶም ሕይወት ብዘይ ምብቃቕ ይህቡ እሞ ንኻልኦት አብ ሓጎስን ሰላምን ነጻነትን ከም ዝነብሩ ይገብሩ። እዞም ሰማዕታት ብዛዕብ ጥቕሚ ርእሶም ወይ እውን ዋሕስ ሕይወቶም አብ ግምት አየእትውዎን ደፊሮም ሕይወቶም በጃ ይህቡ። ዓለምና ዕዳ ናይ እዞም ብኽምዚ ዝሓለፉ ብምጥላማ ሓንቲ ከም ዘይተገብረላ ትጉዓዝ ትነብር አላ። ምእንታኻ በጃ ንዝሓለፈ ምጥላም ካብኡ ዝኸፍ የለን ስለዚ ንሕና እውን ነቶም ንሕና ፍትሒ ፍቕሪ ሰላም ሓቂ ክንረክብ በጃ ዝሓለፉ ጠሊምና ከይንህሉ ሕልናዊ መርመራ ክንገብር አሎና። ክትጠልም ክትርስዕ ክትክሕድ ቀሊል እዩ፥ በጃ ክትሓልፍን ንለበዋ ሰማዕታት ምኽባርን ግን ከቢድ እዩ ስለዚ ብሓቂ ብሕልናና ርእስና ክንርኢ ጠለምትን ረሳዕትንን ኮና ከይንህሉ ምርአይ የድልየና። ሓደ ካብቲ ዘገርም ባህሪ ሰባት ካልኦት ከም ዝጠለሙ ከም ዝኸሓዱ ክትርኢ ቀሊል እዩ ባዕልኻ ጠሊምካ ከምዘሎኻ ምርአይ ግን ከቢድ እዩ። አብዚ አብ ትንሣኤ ክርስቶስ አብ እንቀራረበሉ ዘሎና እዋን እምብአር ዓይንና ንሓቅን ንፍቕርን ርእዩ ክኽእል ለበዋ ሰማዕታትና ጠሊምና ከይንህሉ ዓይኒ ሕልናና ንኽፈት።

አብ መወዳእታት ኢየሱስ ክብሪ ወይ ዕብየት ዝመጽእ ብአገልግሎት ከም ዝኾነ ይነግረና። አብ ሕይወትና ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና እቶም አብ ታሪኽ ብዝያዳ ዝኸብሩ ወይ ዝዝከሩ እቶም ንኻልኦት ዘገልገሉ እዮም፥ ጽቡቕ ተዘክሮ ዝሓደጉን ዘስተምሃሩን። ኢየሱስ እቲ ዓቢ ክኸውን ዝደሊ አገልጋሊ ይኹን ኢሉና። አብዚ ሓቀኛ ትምህርቲ መሰረት ገርና ሕይወትና ክንመርሕ እሞ እሙናት አገልገልቲ ክርስቶስን ህዝቡን ክንከውን ሎሚ እውን መብጽዓና ንሓድስ።

ሰንበት ዘገብርኄር እምብአር እሙናት አገልገልትን ነቲ ዕለት ዕለት ዝገጥመና ርኢና ክንክእል ነቲ ጻረ ክርስቶስ ዝኾነ ሕይወት ክንውግዶ ነቲ ሓቂ ሰላም ፍቕሪ ዘምጽእ ከአ ክሳብ መስዋዕቲ ክንከፍል ስንድዋት ክንከውን የዘኻክረና። አብ ክርስቶስ መድሕና ምሉእ እምነት ገርና ሓቅን ፍትሕን ክነንግሳ ብምሉእ ልብና እና ጸዓርና ንኹሉ ዝጓነፈና ፈተናን ጸበባን ሓሊፍና አብ ብርሃን ትንሣኤ ክንሰግር እናጸለና አብ ቅድመና ንዘሎ ብርሃን ክርስቶስ ርኢና ንኽአል።

ኦ ፈቃር አምላኽ እሙን አገልጋሊ/ት ኮይነ ክነብር ብጸጋኻ ሓግዘኒ ንበሎ። ቅድስና ዝመልኦ ጉዕዞ ጾም ገሩ አብ ኩሉ ሕይወትና ሰላም ፍቕሪ ፍትሒ ዘውርድ ይግበረልና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ